

# ህጻናት መጽሓፍ ኣዝዩ ደስ እዩ ዝብሎም

BoekStart

de Bibliotheek

ንህጻናት ዝተዳለወ BoekStart
ውላድ ኣለውኻ/ኺ ዶ?
ውላድካ ምስ ዓበየ/ት መጽሓፍቲ ከንብብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ኢልካ ትሓስብ ዶ?
ስለዝኾነ ንውላድካ መጽሓፍቲ ከንብብ ዕድል ክትህቦ ይግባእ።
ምስ ኣዲኡ ወይ ኣቡኡ ብሓባር ኮይኑ ከንብብ ተመራጺ እዩ።
ብዘመችእ ዝጥዕምን ኣብ ሑቕፎ ኮኡኑ ከንብብ ይምረጽ።
መብዛሕቲኦም ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ብዙሕ ስእልታትን ሒደት ጽሑፋት ዝሓዙ እዮም።
እዚ ድማ ነቲ ታሪኽ ክትነግር ዕድል ይህበካ።

እዞም መጽሓፍቲ ድማ ኣብ ቤተ መጽሓፍቲ ይርከቡ።




## ከም ክልተ ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ዝሓዘ ሻንጣ ህያብ

ከም ክልተ ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ዝሓዘ ሻንጣ ህያብ
ምስ ህጻናት ብሓባር ምንባብ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።
እዚ ድማ ብመጽናቲ ዝተረጋገጸ ኢዩ።
ናይ ውላድካ ኣብ ትምህርቲ ብዘይ ጸገም ክሓልፍ ዕድል ይፈጥረሉ።
እዚ ስለዝኾነ ድማ እዩ ነዚ ናይ ህጻናት ዝተዳለወ BoekStart መደብ ኣዳሊናዮ ዘለና።
እቲ ውላድካ ብነጻ ናይዚ ቤተ መጻሓፍቲ ኣባል ክኸውን ይኽእል እዩ።
ከምእውን ህያብ ክትቕበል ኢኻ፣ ክልተ ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ዝሓዘ ሻንጣ ህያብ።
እቲ ስእሊ እቲ ናይ BoekStart መደብ ብኸመይ ከምዝሰርሕ ይሕብር።

>>> boekstart.nl



1

ውላድኩም ብምውላዱ እንቋዕ ደብ በለኩም!



2

እቲ ውላድካ ሰለስተ ወርሒ ምስ ኣኸሎ ካብቲ ሙኒቺፐ/ምምሕዳር ቫውቸው ዝሓዘ ደብዳቤ ክትቕበል ኢኻ።




3

ነዚ ቫውቸር ድማ ናብቲ ቤተ መጽሓፍቲ ውሰዶ። ንውላድካ ድማ ምሳኻ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ።




4

እዚ ውላድካ ድማ ብነጻ ኣባል ናይቲ ቤተ መጽሓፍቲ ክኸውን እዩ። ክልተ ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ዝሓዘ ናይ BoekStart ሻንጣ ህያብ ክወሃበካ እዩ።



5

እቲ ቤተ መጽሓፍቲ ናይ ህጻናት መጽሓፍቲ ዝሓዘ ፍሉይ ክፋል ኣለዎ።




6

ንውላድካ ዝኸን ዝተፈለለዩ ናይ ዓለባታትን ኣብ ባኞ/መሕጸቢ ሰውነት ኮንካ ተንብቦም መጽሓፍቲ ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ።



7

ኣብ ሳሎን ምስ ውላድካ ኮፍ ኢልካ መጽሓፍቲ ከተንብብ። እዚ ደማ ንህጻናት ደስ ዝብሎምን ዘዘናግዕን እዩ።



8

ነቲ ዝተለቃሕካዮ መጽሓፍ ናብቲ ቤተ መጽሓፍቲ ኣብ ትመልሰሉ እዋን፣ ካልእ ሓድሽ መጽሓፍ ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ።



9

ምስ መለስካዮም ድማ፣ እቲ ቤተ መጽሓፍቲ ነቶም መጻሕፍቲ ከጽርዮም እዩ። በዓልኻ ከተጽርዮ ኣየድልን እዩ።



10

ከምእውን እቲ ቤተ መጽሓፍቲ ንወለድን ህጻናትን ዝኸውን ዝተፈላለየ ናይ መዘናግዒ መደባት የዳሉ እዩ።

BoekStart